# ምኽርን ለበዋን ንኣባላት ኪዳን

ቀለታ ኪዳነ 14/3/07

ዝኸበርኩም/ክን ብጾት፡

ንሃገርናን ህዝብናን ካብዚ ብሰንኪ ስርዓት ህግዲፍ ወዲቑዎ ዘሎ ከቢድ ሽግር ንምድሓን ከምቲ ዝድለዩ'ኳ እንተዘይተባህለ ግዱሳትን ዉፉያትን ደቂ ሃገር በብወገኖም ካብ ዝቃለሱን ጻዕርታት ካብ ዘካይዱን  ኣይወሓደን። ኣብዚ ዝሓለፈ ቅሩብ ዓመታት ኣብ ክሊ ተቓውሞ ሓይልታት ዝተገብረ ቃልሲ ከኣ ብዙሕ ገልታዕታዕን ምጥርናፋትን ምፍንጫላትን ሓደ ንሓደ ክሽሰስ እቲ ሓደውን ነቲ ካልእ ከጸልምን ክውንጅልን ተሰሚዑ ኢዩ። ካብኣቶም ሓደ  ኣነ ኢየ እንተበልኩውን ዝሓሶኹ ኣይመስለንን። እዚ ኵሉ ክንገብር ከሎና ግን ንሃገርናን ህዝብናን ንጠቅም ዘሎና እናመሰለና እምበር ንጕድኣት ማንም ብምሕሳብ ኣይነበረን።

በቲ ኵሉ ዘይምስምማዕና ከኣ ንህዝብና ንምድሓን ኮነ እቲ ስርዓት ብህላዌና ክስከፈሉን ክሰግኣሉን እሞ ክመሓየሽሉ ዝኽእል ንእሽቶይ ስጉምቲ ኣይከድናን። ዋላ ህላዌናውን ኣሚኑሉ ኣይፈልጥን። ቍምነገር ክንሰርሕ ካብ ዘይከኣልና ህላዌና ዘይምእማኑ ተጋግዩ ኣይብልን። ገና መነባብሮ ህዝብና ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ይኸፍእ ኣሎ። መንእሰያት ኤርትራ ከኣ ኣብ ምድረበዳን ኣብ ባሕርን ይሃልቁ ኣለዉ። ብቓልስናን ተወፋይነትናን ኣብ ዓለም ከቢርና እንደገና ተናዒቕና። በቲ ስርዓት ዘካይዶ ዘሎ ጥራሕ ዘይኮነ ካብኡ ዝነፍዕን ዝሓይሽን ንሃገርን ህዝብን ዝሓሊ ካልእ ተቓዋሚ ሓይሊ ብዘይምህላዉ እውን ንዕቀት ጥራሕ ዘይኮነ ብኹሉ ተፈንፊንና።

ኣብ መንቀልየይ ጕዳይ ክምለስ ኣነ ካብ ምጽሓፍን ብኢንተርነት ዓለም ምቍያቑ ካብ ዝፍለን ኣይወሓደን። እቲ ምኽንያት ግን እቲ ዝጀመርኩዎ ቃልሲ ዓላማኡ ወቒዑ ህዝብና ቀሲኑን ሓሊፉሉን ዘይኮነስ እቲ ከካይዶ ዝጸናሕኩ ብግልጺ ምዝራብን ምውቃስን ጸላእትን ወቐስትን ስለዘብዝሓለይ <u>"ኣንታ ይጋገ ግዲ ኣሎኹየ እስከ ንነብሰይ ክርእያን ክምርምራን"</u> ብምባል ቅሩብ ክዕገስ ስለዝመረጽኩ ጥራሕ ኢዩ ነሩ። እዚ ማለት ግን  ካብቲ  ንሃገረይን ወገነይን ንምድሓን ዝግበር ቃልሲ ተፈልየን ቀሲነን ኣሎኹ ማለት ኣይኰነን።  <u>ሎሚ ክጽሕፍን ሓሳባተይ ክገልጽን ዝገደደኒ ምኽንያት ግን ናተይ ካብ ምዝራብን ምጽሓፍን ሓቂ ምግላጽን ምቕጣብ ንሃገርና ኮነ ንህዝብና ከምኡውን ንመራሕቲ ኪዳን ለውጥን ራህዋን ከምጽኣሎም ስለዘይርኣኹ ኢዩ።</u> ብዛዕባኦም ተዛሪብና እይተዛሪብና ንኢድናዮም ወቒስናዮም እቲ ኪዳን ክሰርሕን ከፍርን ስለዘይርኣኹዎ እሞ ካብ ስቕ ምባልስ ምዝራብ ግዲ ይሓይሸዩ ብማለት ስለዝተጠዓስኩዩ እንተበልኩውን ካብ ሓቂ ዝርሓቕኩ ኣይመስለንን።

ሎሚ  እዚ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተረኸበ ምፍንጫላት ኣጋጢሙ ኣሎ። መራሕቲ ኪዳን ምእንቲ ረብሓን ጠቕምን ሃገርን ህዝብን  ክብሉ ብሰናይ ድሌቶምን ሓልዮቶምን ስለዘይተጠርነፉ ክሰማምዑን ክሰርሑን ቍምነገር ከፍርዩን ከም ዘይክእሉ ገሌናስ ኣቐዲሙ በሪሁልናን ፈሊጥናዮን ጸኒሕና ኢና። ፈሊጥናዮ ጥራሕ ዘይኮነ ከኣ መራሕቲ ኪዳን ይንዋሕ ይሕጸር  ተሰማሚያምን ትኣማሚኖምን ንሃገርናን  ህዝብናን ከድሕን ዝኽእል ተሪር ሓድነት ክስርቱን ፍረ ከፍርዩ ስለዘይክእሉን ቍምነገር ክሰርሑ ከም

ዘይኰኑን እሞ መሰረታት ኪዳን ኮነ ሰቪካዊ ማሕበራት ምሁራት ኮነ ጽሓፍቲ ማለት ብድሕነት ሃገርን ህዝብን ዝግደሱ ደቂ ሃገር ኵሎም ተጸዋዊያምን ተራኺቦምን ገለ መፍትሒ ክገብሩ ብምድግጋም ሓቢርና ኢና።

እዚ ሓቅታት እዚ ንህዝቢ ክንገልጽ ከሎና ከኣ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ዳህሳስን ኣካይድና ዝበጻሕናዮን ዝፈለጥናዮን እምበር ብቐሊል ዝተረኽበ ኣይነበረን። መራሕቲ ኪዳን ግን ኵሎም'ኳ እንተዘይበልኩ ገለ ካብኣቶም ኣብ ብረታዊ ቃልስና ብዙሕ ጸይቅታት ዝፈጸሙን ብብዙሕ ተንኰላት ተሞኪሮም ዝዓበዩን ሊቃውንቲ ክፍኣት ኢዮም። ስለዝኾነ ከኣ ካድራቶም ብምውፋር ነቲ ዝሃብናዮ ፖለቲካዊ ትንተና ገለ መስቀላውያን፣ ገለ ህግደፋውያን፣ ገለ ተበለጽቲ፣ ገለ ከድዓት፣ በተንቲ፣ ጸረ ሓድነት፣ ጸረ ጥርናፈ፡ ክብሉና እንተዘይኮይኑ ከኣ እንታ እንታይ እዮም ዝብሉ ዘለዉ? ነዚ ዘቕርቡዎ ዘለዉኽ ምኽንያቶም እንታዩ? ረብሓኽ ኣለዎም ድዩ? ኣብ መሪሕነት ኪዳን ዘርእዩዎ ዘለዉ ዘይምትእምማንከ ካብ ምንታይ ዝነቐለዩ? ኢሉ ክሰምዓና ዝኽኣለውን ውሑድ እዩ ነሩ። ብስምዒትን ሕልምን ስምረትን ጥርናፈን ከኣ መራሕቲ ኪዳን ንገለ ዓመታት ኣደናጊሮም ኣብ ስልጣኖም ጸኒሖም ኢዮም።

እሞ ሎሚኸ እቲ ክንብሎን ክንጽሕፎን ዝጸናሕና ብግብሪ ምስ ተራእየን ምስ ተረጋገጸን ኣብ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ህዝብና ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ መኣዲ ቃልሲ ኣሎና ንብል ለውጢዶኾን ክርኤን ክስማዕን ይኽውን?

ብወገነይ እንተኾይኑ እዚ ሎሚ ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ሓለፍቲ ኪዳን ኣብ ክልተ ምግምማዕ ብዙሕ ከሰምብደናን ስረና ከፍትሓናን ሞራልና ከውድቐናን ኣይግባእን ኢዩ በሃላይ ኢየ። "ርሑስ ቀብሪ ኣሎ ተካል መርዓውን ኣሎ" ከም ዝበሃል እዚ ተረኺቡ ዘሎ ምግምማዕ ምናልባት ጠቓሚና ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ምኽንያቱ እቲ ከይሰርሐ ኣብ ኣኼባታቱ ኣብ ስልጣንን ጠቕምን እናተናኾተ ተጠማሚቱ ኣይክመርሐ ኣይክምራሕ ኣይስልጣኑ ንኻልኦት ከረክብ ኣይ ብስልጣኑ ናይ ህዝቢ ምድሓን ሓላፍነት ተሰሚዑዎ ክስከፍ ካብ ኣዲስ ኣበባ ንካርቱም ካብ ካርቱም ንኣዲስ ኣበባ ከምኡውን ፍራንክፈርትን ሎንዶንን ዋሽንግተንን ክሸራሽር ዝጸንሑ መሪሕነት ኪዳን ሎሚ እውን በቲ ምፍንጫሉ ከይተሃላለኸ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ብምቕዳም ተኸባቢሩ በብወገኑ እንተተቓሊሱን እንተሰሪሑን ኣፍርዩን ንህዝብና ክኽሕሶ ይኽእልዩ ዝብል እምነትዩ ዘሎኒ። እዚ እውን እንተ ጥራሕዩ።

ኣብዚ ብወገነይ ከጠንቅቕ ዝደሊ ግን ሓደ ዓቢ ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ እቲ ሎሚ ብመሰረታት ኪዳን ኣብ ገለ ሃገራት ዝስማዕ ዘሎ ተቓውሞ መሪሕነታቶም ኢዩ። ሎሚ ነቲ ተፈናጭሉ መመንገዱ ጸሪጉ ዘሎ መሪሕነት ንዐ ድኣ ናይ ግድን ብሓደ ተጠርነፉን ስርሑን ምባል ዘይመስልን ዘይከውንን ኣብ ርእሲ ምኻኑ ብወገነይ ንሓንቲ ምስ ሰብኣያ ተፋቲሓ ወዲኣ ዝመጸትካ ጓልካ ሰብኣይኪ ይጥቀምኪ ኣይጥቀምኪ ናይ ግድን ምስኡ ክትዕረቕን ክትነብርን ኣሎኪ ኢልካ ምቕሳብን ኣብ ዘይትደልዮን ዘየወጻጽኣ ሓዳር ናይ ምቁራንን ናይ ድሕሪ ማይ ኣብ በዓቲ ዝመስል ስራሕ እዩ።

ሎሚ ምስቶም ድሮ ተፈናጭሎም መመንገዶም ዝሓዙ መሪሕነት ኪዳን ምስሕሓብን ምውጣጥን ከኣ ኣብ መንጎ ኪዳን ምፍንጫል ተፈጢሩ ከይኣክል ሕጂ ከኣ ኣብ መንጎ መራሕትን መሰረታትን ምውጣጥን ምግርጫውን ምምጻእ ስለዝኸውን ንረብሓ ሃገርናን ህዝብናን ኣይኰነን።

ብወገነይ ዝህቦ ምኽርን ለበዋን ከኣ እቲ ሎሚ ምስ መሪሕነታት ዝግበር ዘይምርድዳእን ባእስን ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት መግደድን ነቲ ተጠርኒፉ ዘሎ ሓይሊ ምብታንን መፍቶ ጸላኢ ምዃንን ጥራሕ ኢዩ። እዚ ክብል ከለኹ ግን "ኣብ ጥፉእ ኣይትዛረብ ክፉእ" ንማለት እምበር ምፍንጫልን ምግምማዕን ስለዝድግፍ ኣይኰነን። ብፍላይ ኣብ ኪዳን ከኣ ተጠርኒፎም ክሰርሑ ካብ ዘይከኣሉ ኣብ ክንዲ እገለ ሐንኵሉኒ፡ እገሌባ ምስራሕ ከሊኡኒ፡ ዝበሃሃሉ ኣብ ክልተ ተኸፋፊሎም እውን ብምክብባርን ምትሕብባርን በብመንገዶም ክቃለሱ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ምፍታን ዝጽላእ ኣይመስለንን። ብወገን ህዝቢ እንተኾይኑ ከኣ ቅድሚ ሎሚ ተጠርኒፎም ዘርኣዩዎ ፍረ ስለዘየልቦ ተፈንጢሖም ወይ ተመቓቒሎም ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ እንተተረኽበ ምጽባይ እንታይ ጸገም ኣለዎ?

ገለ ሰባት ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ምግምማዕ ብሃይማኖታውን ብወገንን ዝተርጉሙዎ ኣሎዉ። ዋላውን ይኹን ግን እቲ ዓላማና ነዛ ሃገር ካብዚ ዘላቶ ኣስካኽካሒ ኩነታት ነጻ ንምውጻእን ህዝቢ ንምድሓንን እንተኾይኑ ኣስላማይ ይኹን ክርስትያን ከበሳዊ ኮነ መታሕታዊ ኤርትራዊ ክሳብ ዝኾነ ነበይኑ ክገብሮን ክበጽሖን ዝኽእል የልቦን። ከይተሰሓሓብናን ከይተንዓዓቕናን በብወገንና እንተተቓሊስናን ሰሪሕናን ከኣ እቲ ሓደ ብዘይካቲ ካልእ ክዕወት ስለዘይክእል ዓቕሊ እምበር ክንዳለን ክንጸዋወዕን ምዃንና ኣነ ጥርጥር የብለይን። ኣብዚ ብወገነይ ንህዝብን ተጋደልትን ከብርሆ ዝደሊ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ።

ቅድሚ ሎሚ ነቲ ተበታቲኑ ዝነበረ ሓይልታት ተቓውሞ ንምቅርራብን ንምትዕራቕን ብዓቕመይ ፈቲነ ሓይልን ሰማዕን ስለዝሰኣንኩ፡ ገለዶኾን ንኽትሰማዕሲ "ሓይሊ ገርካን ጠጠርኒፍካን ይሓይሽ" ብማለት ዝገበርኩዎ ፈተነ እውን ፍረ ከም ዘይሃበን ናቱ ናይ ባዕሉ ጸገማትን ውድባዊ ሕማማትን ከም ዝለገቦን ምስ ገለ ፈተውተይ ኮነ መቓልስተይ ኣብ ብዙሕ ዘየድሊ ግርጭታት ከም ዝኣቶኹን እውን ክሓብኦ ኣይደልን።

ስለዝኾነ ከኣ ናይ ገለ ውድብ ወይ ውድባት ወገን ወይ ጸግዒ ብምምሳል ኣብ ናይ መራሕቲ ውድባት ናይ ስልጣን ምውጣጥ ኮነ ሻራይ ሻራኻ ክኣቱ ስለዘይደሊ ካብ ሎሚ ጀሚረ ንዝመጽእ ምስ ዝኾነ ንሃገር ክሰርሕን ከድሕንን ይኽእልዩ ምስ ዝበልኩዎ ውድብ ኮነ ውልቀሰብ እናተራኸብኩን እናተመያየጥኩን ነጻ ኰይነ ንሃገረይን ንወገነይን ንምድሓን ጥራሕ ክሰርሕን ምስ ኵሉ ክተሓባበርን ዓቕመይ ከወፍን እምበር ናይ ፍሉይ ውድብ ኣባል ኰይነ ከይቅጽል ወሲነ ኣሎኹ።

እዚ ማለት ግን ካልኦትውን ከምዚ ናተይ ካብ ውድባትን ጥርናፈን ክእለዩ ኣለዎም ንማለት ኣይኰነን። ኣነ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ሎሚ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ጸገም ንኽላቐቕ እሞ ዕድሉን ድሌቱን ባዕሉ ክውስን እምበር ንዝመጽእ ኣብ ኤርትራ ከተግብሮ ዝሓንጸጽኩዎን ዝተሰማማዕኩሉን ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኮነ ኣብ ስልጣን ክመጸለይ ዝደልዮን ዝጽበዮን ካብ ሎሚ ጀሚረ ዝሓጸኹዎ ብዓል ስልጣን የልቦን። ክህልወኒ እውን ኣይደልን ኢየ። ከም ተመክሮይን ከምቲ ኣብ ቃልሲ ዝጸንበረኒ ተበግሶን ከኣ ካብ ተጠርኒፈን ኣብ ውድብ ተቐይደን ዝሰርሕ ምስ ካልኦት ትኣማሚነን ተሳንየን ክሰርሓሉ ዝኽእል ምንጭታትን መንገድታትን ስለዘሎ ብውልቀይ ነጻ ኰይነ ናይ ምቅላስ ምርጫ ወሲደ ኣሎኹ።

ኣብነት እንተኾነ ብማለት ከኣ ንእግሪ መንገደይ ቅድሚ ሎሚ ከካይዶም ኣብ ዝጸናሕኩ ውድባዊ ኮነ ውልቃዊ ስርሓተይ ዝበደልኩዎ ዝደፈርኩዎ ዝዓመጽኩዎ ዝተጋገኹዎ እንተልዩ ንዝኾነ ኣካል ብልቢ እቕሬታ እሓትት።

ኣብ መደምደምታ ከኣ እቶም ኣብቲ ኪዳን ተጠርኒፍና ዝጸናሕና ኮነ ዘይተጠርነፍና ኣብ ውድባት ዘሎና ኮነ ዘይተወደብና በዚ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝወርድ ዘሎ ግፍዒን ሽግርን ኣብ ሓደ ሓቂ ክንረዳዳእን ክንሰማማዕን ይግባእ እብል። ንሱ ከኣ ኵላትና ምእንቲ ድሕነት ሃገርናን ህዝብናን ታሪኽናን ጀጋኑ ስዉኣትናን ብምዝካር ኤርትራ ሃገርና ወላድ መኻን ከይንገብራ ክንጥንቀቕ ይግባእ። ዘይገራጮን ዘይስሓሓብን የልቦን። መፍትሒ ናይ ኵሉ ሽግራት ግን ምክብባርን ሓደ ንሓደ ጽን ኢሉ ክሰምዖ ምኽኣልን ኢዩ። እዞም ሎሚ ብሓደ ክዝትዩን ንመጻኢ ወለዶኦም ክሓስቡን ክሕንጽጹን ኣብ ሓደ ጣውላ ኮፍ ኢሎም ክውዕሉን ክካትዑን ንርእዮም ዘሎና መራሕቲ ምዕቡላት ሃገራት እውን እንተኾነ ትማሊ ነንሓድሕዶም ክዋግኡን ክጣፍኡን ዝነበሩ ኢዮም።

ከምቲ ንሕና ፍልልይ ኣትሓሳስባ ዘሎና ንሳቶምውን ፍልልይ ኣትሓሳስባ ዘይብሎም ኣይኰኑን። ፍልልይ ኣትሓሳስባ ከኣ ብዘተን ብምርድዳእን እምበር ብጽልእን ቅርሕንትን ዝፍታሕ ኣይኰነን። ናይ ዝሓለፈስ ሓሊፉ ኢዩ ብፍላይ ግን ሎሚ <u>ኣባላት ኪዳን ዝኾኑ መሰረታት</u> ነቲ ተረኺቡ ዘሎ ምግምጋዕ ብህድኣት ተቐቢሎም ኣብ ናይ ዝመጽእ እምበር ኣብ ናይ ዝሓለፈ ከየድህቡን ምስ መሪሕነታቶም ኣብ ክንዲ ምግርጫው ከኣ ብመልክዕ ጉባኤ ክካትዑሉን ክፈትሑዎን ለበዋይ ኤቕርበሎም። በቲ መሪሕነት ዝወሰዶ ናይ ምፍንጫል ስጉምቲ ንዘይዓገቡ ከኣ እቲ መፍትሒ ቀሊል እዩ። ዓቕሚ እንተልዩስ ኣብ ጉባኤ ምቕያሮም ጥራሕ ኢዩ።